# <u>ኣዴና ክትድበስ</u>

ስሌኣ ንዓመታት መሪር ቃልሲ ኣካይድና፣ነፍሲ-ወከፍ ኣጉዶ ካብ ስድራቤት ብውሑዱ ሓደ ንዓኣ በጃ ኣሕሊፉ ገንሸል ነጻነት ክኸውን ንመስዋእቲ ወፍዩ። ምእንታኣ ቡዙሓት ካብ ክቡርን መተካእታ ኣልቦ ኣካሎም ሰሊያም ገቢሮምላ። ሓደ ወለዶ ሙሉእ፡ ኪኖ'ዚ መሪር መስዋእቲ ዘላ ምቅርቲ ዓወት ነጻነት እናማዕደወ ኾናት ንዘስዕቦ ኩሉ ዓይነት ሓደጋታት ናይምቕባል ግድነት ኣሚኑ፡ ዕሽልን ምቁር ጊዜ ንእስነቱ ምእንታኣ ኣብ ውሽጢ ኲናት እናነበረ ስሌኣን በጃኣን ኣብልዩ።ጥሪቱን ንብረቱን ከይበቐቐ ውሻጠኡ ጓሕጒሑ፣ቆፎኡ ሓንጢጡ፣ዘለዎ ኩሉ ጸንቂቑንዓኣን ምእንታኣን ኣበርኪቱ።

ብሓፈሻ ህዝቢ ኤርትራ፤ ተፈጥሮኣዊ ኩለንተንኡ፣ ነፍሱን ስግኡን ጥሪቱን ነገራዊ ሃብቱን፡ ኣደይ ንዓኺ፣በጃኺ፣ስሌኺ፣ እነሆ እውፍየልኪ።ብጀካኺ መን'ዶ እለኒ? ሓንትን ዓይንን ንስኺ፣ ብዘይበኣኺ ብርሃን የለን።ንዓኺ ሲኢነ ኣብ ጽዑቕ ጸልማት ክነብር ኣይደልይን። ነብሰይ ዋላ ናብ ሓዊ ይደርበ፣ ይምከኽ ሽምዓ ዘልኣለምኪ ኮይኑ ሰላምክን ነጻነትክን እናኾለዐ ብርሃን ደቕኺ ይኹን።

ኣደይ ካባ ክብረተይን ጽላል ማዓርገይን ንስኺ ኢኺ።ክብረት፣ኩርዓትን ማዕረግን ብዝይባኣኺ ኣይሕሰብን። ስለዚ ካባ ክብረትይ ክቐንጠጥ፡ጽላል መዓርገይ ክዕጸፍ፡ሓሳርን መከራን፡ ሕንከትን ሙይቖታን ኣብ ልዕለይ ክሻድና ርእሰይ ከድንን፣ መሓውረይ ብራዕዲ ተሓይሩ ኣብ ልዕሊ መሬትኪ ኣትሪሩ ንኽይረግጽ ተሓሪሙ ብደወይ ረድ-ረድ ክብል፣ ሕልናይ ተዘሪዑ መላእ ኣካላተይ ተሞቚሑ፣ከም እንስሳ ከብዱ ጥራሕ እናጠመት ዝነብር፣ህላወይን ሕልፈተይን ልዕሊ ምዉታት ትሕቲ ህሉዋት ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ሞት እናነበረ ዘስተንፍስ፣ ብራእይ ኣልቦ ቀባሕባሕ ኤዒንቲ ክህውትት ዝነበር፣ድንዙዝ ፍጥረት ክኸውን ኣይመርጽን።

ኣደይ ኣብ ውሽጢ ህላዌኺ ህላዌይ፣ኣብ ካባ ክብረትኪ ክብረትይ፣ ኣብ ጽላል ማዓርግኪ ኩርዓተይን ሃበነይን ምሳኺ'ዩ።መድሓንተይ ኣብ ማህጸን መሬትኪ፡ ነፍሰይን ስጋይን ምስ ኩሉ ተፈጥሮኣዊ ጸጋኺ ተዋሃሂዱ፡ ኣብ ውሽጥኺ ኣነ ኣብ ውሽጠይ ንስኺ፣ ንስኺ ናተይ ኣነ ናትኪ ኴይና ከም ማይን ጸባን ተሓዋዊስናን ተቛሪናን ብነጻነትን ሰላምን ኣብ ንነብረሉ ጊዜ ሽዑ'ዩ መንነተይ ዝግለጽ ከቢረ ማዕሪጌ ተሓቢነ ዝረኤ።

ኣደይ ክብረተይ ሓበነይ ንስኺ ኢኺ። ንዓኺ ስሌኺ በጃኺ ምእንታኺ ነፍሰይን ስጋይን እነሆ ንመስዋእቲ ብምባል ከም ሃልሃልታ ሓዊ ውሽጥኻ ብ ዘቓጽል ውዑይ ስሚዒት ካብ መዓሙቕ ልቢ ብዝፍልፍል ሓቀኛ ፍቕሪ ተምሊኦም ገንሸል ህላዌኣ፣ነጻነታ፣ሰላማ፣ራህዋኣ፣ ንምኳን ሓንትን መተካእታ ዘይብላ ክብርቲ ሂወቶም ንመስዋእቲ በጃ ኣሕሊፎም ብምሃብ ህያው ታሪኽ ኣመዝጊቦም ዘረከቡና ሃገርና ኤርትራ ኣዴና ኣደ ኩላትና'ያ።

ኣዛ ብቓላት ንምግላጹ ቀሊል ብዘይኮነ መስዋእቲ ሉኣላውነታ ዘረጋገጸት ሃገርና ኤርትራ ኣዴና ኢልና ብስም ኣደ ሰሚና ኣዴና ሃገርና ክንብል እንከለና፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ህላዌናን ክብርናን መንነትናን ነፍስናንን ስጋና ምስኣ ዝተኣሳሰረን

ዝተዋሃሃደን ብምኳኑን ከምቲ ተፈጥሮኣዊ ሕግን ስርዓትን ኣደን ውላድን፡ ካብቲ ናይ ክልቲኦም ሚስጥራዊ ናብራ ኣብ ውሽጢ ማህጸንን፣ ድሕሪ ምውላድ ድማ በቲ ተኣምራታዊ ማና ሂወትን ፍቕርን ዝምግብ ኣጡባታ ኣቢሉ ዝላቓቐብን ፈጺሙ ዘይብተኽ ምትእስሳር መንነት ዝፈጥር፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዜጋታትን ሃገርን ብሩኡይ መድሓንቲ ኣብ መሬታ ብምቕባሩን ብመንፈስ ድማ ብደም ወለዲ ተጠናኒጉ ዝይድምሰስ ሚስጢር ዘይሕከኽ ታሪኽ ዘላኣለማዊን ነባርን ተወራራስን መንነትን ዝግለጸሉ ተፈጥሮኣዊ ሚስጢር ስለዝኾነ እነሆ ከምታ ኣዴና ወላዲትና ንሃገርና ድማ ነታ ኣደ ኩላትና ሃገርና ኤርትራ ኣደይ፣ ኣዴና፣ዓድና ንብላ።

ክቡራት ኣሕዋተይ ናይ ወላዲት እዴናን ኣደ ኩላትናን ሃገርናን መትእስሳር ካብ ሬእና፡ ነታ ናይ ነፍስ ወከፍና ወላዲትና ዝኾነት ኣዴና ብሓፈሻ ደማ ኤርትራዊት ኣደ ዘበርከትቶ ህያብ ዝኸፈለቶ መስዋእቲ ንሓንሳብ ብዓይኑ-ሕልናና ቅጅል ክብለና ንፍቀደሉ። ንድሕሪት ናብቲ መሪር ናይ ገድሊ ሂወት ተመሊስና እኻም እዴታት ኤርትራ ዝሓለፈኦ ሂወትን ነስተንተ።

- 9ተ ወርሒ ኣብማህጸና ተስኪማ ጀግና ተጋዳላይ ዝወለደት ኤርትራዊት ኣደ
- ስንቂ ፈትልን ምርፍእን ወዘተ መቐነት ጅግንነት ኣዕጢቃ ማዕተብ እምነትን ጽንዓትን ኣእሲራ ሕጹብ መዓንጣ ውላዳ ከም ወላዲት ፍቕሪ ፍረ ማህጸና ከም ሓዊ እናለብለባ መሪር ንብዓት ምፍልላይ ኣብ መዓንርታ እናዋሓዘ፡ ከም ሓርበኛን ፍቕሪ ሃገራ ዝዛየዳ ሓርበኛዊት ኣደ ደማ መዓንጣዓ ሸጥ ኣቢላ ከብዳ ብጽንዓት እምኒ መሊሳትሉ ምእንቲ ነጻነት ጨኪና። ሪኣ ንዝየመነወቶ ሲዒማ ንዘይጸገበቶ ዕሽል ውላዳ መሪቓን ሲዒማን ናብ ገድሊ ዘፋነወት ኤርትራዊት ኣደ።
- ብወተሃደራት ሓይልታት መግዛእቲ ኩሉ ዓይነት ግፍዕታት እብ ልዕሌኣ ዝተፈጸመን ጀግና ዝወለደ ማህጸና ብኣረሜናዊን እንስሳውን ተግባር ሓይላታት ጸላእቲ ተጋሂሱ ኣደዳ ማህሰይትን ኣክላውን ሞራላውን ቁስሊ ኮይና ድርብ መስዋእቲ ዝኸፈለት ኤርትራዊት ኣደ።
- ማዕጸ ኣጉዶኣ ንድሕርት ሸጊጣ ንሜዳ ወሪዳ ብረት ዓጢቓ ምስ ጸላኢ ዳርን ግንባርን ገጢማ ብዓሪር ተሻማሺማ ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈለት ኤርትራዊት ኣደ።
- ውላዳ ኣብ ቅድሚ ዓይና ክቕዘፍ ዝረኣየት ንቐብሩ ክብርን ማዕረግን ከይትገብር ተኸልኪላ ንቡር ሲኢና ብሓዘን ኻሂ ብንብዓት ኤዒንታ ዝደኸመ ኤርትራዊት ኣደ።
- መግብን ቅያር ክዳንን ብዘንቢል ተኮልኪላ እሱር ውላዳ ክትጥይቕ ፎቖዶ ቤት ማእሰርቲ ከልበትበት ዝበለት ዕረፍቲ መዓልቲ ድቃስ ለይቲ ሲኢና ብኻሂ እናትሓልበት ሓሳረ መከራኣ ዝጸገበት ኤርትራዊት ኣደ።
- ሜዳታት ገድሊ ኤርትራ ኩሉ ደድሕሪ ደቃ ስንቂ ከተቐብል ከርተት ዝበለት ዓዪኒ ውላዳ ንምርኣይ ከብዳ ብናፍቖት ከም

ሕሱም ኣናትሓቑነ ተራእዩ ናብ ዝተባሃለቶ ቦታታት ከርተት ዝበለት ኤርትራዊት ኣደ።

እወ ክንደይሞ ክንደይሞ ኢለ ክዝርዝሮ። ብሓፈሻ እጃም ኤርትራዊት ኣደን ዝኸፈለቶ መስዋእትን መዳርግቲ የብሉን።

እዚ ኩሉ መሪርን ከቢድን መስዋእቲ ኣዴና ዝተኸፍሎ ዓወት ነጻነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ'ኸ ኣዴና ተደቢሳዶ?

ቀዳማይ ሕሊሚ ደቂ ኤርትራ ኣብ ጽባሕ ነጻነት ነታ መተካእታ ዘይብላ ሓንትን ክብርትን ኣደ ምክሓስ ምድባስ'ዩ ነይሩ። እወ ነጻነት ሰላም እፎይታ ሒዛ ክታኣቱ ነናብ ኣጉዶና ከኣ ኤእዳዋ ከትዝርግሕ ንብዓት እዴታትና ክትህብስ'ዩ። ታሪኽ መሪር ተጋድሎ ንነጻነት ብዓወት ተዛዚሙ ብወርቃዊ ቀለም ተጻሒፉ ህያው ኮይኑ ተኮሊዑ ክነብር ብምግባር ካልኣይ ምዕራፍ ታሪኽ ህንጸት ሓዳስ ኤርትራ ምጅማርን ስኒት ፍቕርን ምክብባርን ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን እፎይታን ዓሲሉ፡ ደቂ ሃገር ኩሎም ተኣኻኺቦም ፍልጠቶምን ዓቕሞምን ኣዋሃሂዶም ምዕብልቲ ርህውቲ ኤርትራ ብምግሃድ ሕድሪ ስዉኣት ብምፍጻምን ብምዕዋትን ንኣዴናን ሃገርናን ማዕረ ንምድባስ ሕልሚ ደቂ ኤርትራ'ዩ ነይሩ።

ኣሞ'ኸ እዚ ሕልሚ ሕድሪ ስውኣት'ዚ ተፈጺሙዶ? ኣይተፈጸመን። ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ወላዲት ኣዴናንን ኣደ ኩላትና ኤርትራናን ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስን ዝርከቡሉ ዘለው ኩነታት ንሙሉእ ዓለም ጋህዲ ዝኮነሉ ኣዝዩ ዘጉህይን ምኽኑ ምሕባእ ኣብዘይካኣለሉ ደረጃ በጺሑሎ።

እምብኣር ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ክነኽብር ከለና፡ ኤርትራዊት ኣደ ዝኸፈለቶ ጅግንነታዊ መስዋእትን፡ ድሕሪ ነጻነት ዝተመንዝዓቶ መሰልን ክብርን ሎምውን ትሓልፎ ዘላ መሪር ሂወትን ብምዝካርን ብምስትውዓልን ክሳብ ሎሚ ከየቛረጸ ዝውሕዝ ዘሎ ጀለምታ ንብዓት ኤዴታትና ንምሕባስን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ብምውጋድ ሰላምን ደሞክራሲን ብምርግጋጽ ኤርትራዊት ኣደን ኣደ ኩላትና ኤርትራ ሃገርና ብማዕረ ንምድባስ ቃልስና ንምጉህሃር ብሓድነት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ብምብጋስ ክኸውን ይግባእ።

ደቂ- ኣንስትዮ ኤርትራውን ከምቲ ኣብ ጊዜ ገድሊ ንናጽነት ዘርኣየኦ ትብዓትን ዘበርከትኦ እጃምን ሕጅውን ሰላማዊት ደሞክራሲያዊትን ኤርትራ ብምህናጽ መሰለን ሙሉእ ብሙሉእ ብምርግጋጽ ማዕርነተን ከዐውታ ኣብ ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብሙሉእ ልበነን ዓቕመንን ክዋሳኣን ናይ ተቓውሞ ድምጸን ክስምዓን ይግባእ።

ኣዶናይ ደሊና